# ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ክትደልዩ ከለኹም እንተተነጸግኩም እንታይ ትገብሩ

ክፋት ቦታ ከምዘሎ እንተተገሊጹ፣ ብዙሕ ጊዜ ብዙሓት ውልቀሰባት እዮም ነዚ ቦታ ዘመልክቱ። ካብኣቶም ግን ሓደ ሰብ ጥራሕ እዩ ነዚ ቦታ ዝረኽባ፣ ኩሎም ካልኦት ይንጸጉ።
ንትምህርቲ ልምዲ ሙያ እውን ከምኡ እዩ። ከከም ከባቢን ሙያን ውሑዳት ወይ ድማ ብጣኦሚ ብዙሓት፣ ሓደ ሓደ እዋን ደራዝን ነዚ ቦታ የመልክቱ። ኩሎም እዞም ዘመልክቱ፣ ነዚ ትምህርቲ ልምዲ ንምርካብ ብቕዓት ዘለዎም እኳ ይኹኑ እምበር፣ ምንጻግ ከም ዘሎ ኣብ ግምት የእትው እዮም።

ስለዚ ናይ ልምዲ ትምህርቲ ክድለ ከሎ፣ ምንጻግ ዘይልሙድ ኣይኮነን ከምኡ ድማ እዚ ምሳኹም ዝተተሓሓዘ ኣይኮነን፡ በዚ ምኽንያት ተስፋ ክትቆርጹ የብልኩምን። ምናልባሽ እዚ ምንጻግ እስኩም ክትጸልውዎ ዘይትኽእሉ ምኽንያት ክህልዎ ይኽእል፡

- ኣብዚ ትካል ብዙሕ መመልከቲ ተላኢኹ ስለዘሎ ነቶም (ቤት ትምህርታዊ) ውጽኢቶም ዝበለጹ ጥራሕ መሪጾም ኣለው።
- ነዚ ዝተመነኹሞ ሙያ ብሓፈሽኡ ውሑድ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ እዩ ዘሎ።
- ኣብቲ ትነብርዎ ከባቢ ነዚ ዝተመነኹሞ ሙያ ውሑድ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ እዩ ዘሎ።
- እስኹም ንሓደ "ትምነይዎ ሙያ" ተመልክቱ - ንዕኡ ግን ብጣዕሚ ብዙሓት መወዳድርቲ ኣለኩም።
- መመልከቲኹም ደንጉዩ እዩ ቀሪቡ ዘሎ፣ እቲ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ንኻልእ ተዋሂቡ ኣሎ።

## ምኽሪ፡

- ነቲ ናይ መመልከቲኹም መዛግብቲ መርምሩ ከምኡ ድማ ምስ ሓደ ክብቶም ትፈልጥዎም ሰባት ወይ ድማ ምስ ሓደ ሰብ ሙያ ብዛዕባኡ ተዛረቡ። ናይ ሰነድኩም ( ምሉእ ምዃኑ፣ ትኽክል ምጽሓፍ፣ ኣቀራርባ) ጽቡቕ'ዶ ኣሎ? እቲ ናትኩም ሰነድ መመልከቲ ካብተን ካልኦት መመልከቲታት ፍልይ ኢሉ ምእንቲ ክርኤ፣ ክመሓይሽ ዘለዎ ወይ ድማ ክውሰኾ ዘለዎ ነገር እንታይ እዩ? (ምስ እዚ ኣነጻጽሩ www.myberufswahl.ch> ስጉምቲ 6.3)
- ነቲ ቃለ መጠይቕ ከምብሓድሽ ዘክሩ። ኣብኡ እንታይ እዩ ጽቡቕ ዝነበረ፣ እንታይ'ከ ሒማቕ ኔሩ? ኣብቲ ዝቕጽል እዋን ነየናይ ነገር ኢኹም ትቕይሩ፣ ዝሓሸ ትገብሩ? ከምዚ ዓይነት ኣዘራርባ ተላመዱ።
- ምስ ወለድኹም፣ ምማህራንኩም፣ ኣማኸርቲ ሙያ፣ ኣኦሩኽን መሓዙትን፣ ካልኦት ከማኹም ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ደለይትን ወ.ዘ.ተ. ብዛዕባ ተሞክሮኹም ተዛረቡ።
- ደፊርኩም ኣብቲ ትካል ትምህርቲ ልምዲ፣ ንምንታይ ንዓኹም ከምዘይመረጹኹም ሕተቱ፤ ምናልባሽ ሓደ ሰብ ነዚ ነገር ክሕግዘኩም ይኽእል ይኸውን።
- ንሓደ ሙያ ጥራሕ ዝተፈጠረ ሰብ የለን። ንኻልኦት ትመሳሰልቲ ሙያታት እውን ርኣዩ፣ ኣማራጺ ዝኾነን ንዓኹም ናብቲ ዕላማኹም ከምርሕ ዝኽእልን፣ ካልእ ናይ ትምህርቲ መገዲ እውን ሕሰቡ። ነተን ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ሙያን ማእከል ሓበሬታ ሙያን BIZ እውን ተጠቀሙ። ኩሉ ጊዜ ግዱስ ኩኑ !

## ብጣዕሚ ኣገዳሲ

ተስፋ ኣይትቑረጹ፣ እንታይ ደኣ ጽንዑ ከምኡውን ቀጺልኩም ኣመልክቱ። ክፋት ዝኾነ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ኣብ ኢንተርኔት ትረኽቡ።